መግለጺ ምንቅስቃስ መንእሰያት ኤርትራ፡ንደሞክራሲ/ንሓርነት

## ሰራዊት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጣዊ ኲናት ኢትዮጵያ ከምዝተሳተፈ ዘረጋግጹ ብዙሓት ሓቅታት ብመርትዖ ነቅርብ፡

እዞም ክልተ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ - / ንሓርነትን ንደሞክራስን / ይኹን ካልኦት ትካላትን ማሕበራዊ መራኸብታትን ወሲኽካ፡ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ኲናት ኢትዮጵያ ከምዝተሳተፈ ዘረጋግጽ ብዙሓት ሓቅታት ብመርትዖ ክግለጹ ጸኒሖም እዮም። ብኣንጻሩ ከኣ ክልቲኦም መራሕቲ ሃገራት ንዝቐረቡ ሓቅታት ክኽሕዱዎ ከምዝጸንሑ ይፍለጥ። ኤምባሲ ኣመሪካ ይኹን ወኪል ሕብረት ኤውሮጳ ድማ ሰራዊት ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ክወጽእ ኣለዎ ዝብል ጸውዒት የቕርቡ ኣለዉ። ሚኒስተር ዜናን ወኪል ኤምባሲ ኤርትራን ድማ ነቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ መጠንቐቕታ ከምዝነጽጉዎ ምስተሓበረ ኣዘራራቢ ኮይኑ ኣሎ። Facebook & Email ስለዚ ብፈይስ ቡክን ኢመይልን ድማ ተወሳኺ ሓበሬታት ከነቕርብ ርእይቶናን መርገጺናን ክንገልጽ ካብ ብዙሓት ግዱሳትን ተኸታተልቲ መደብና ብቐጻሊ ክትሓቱና ከምዝጸናሕኩም ብግሉጽነት ምዝራብ ኣገዳሲ ይመስለና።

ስለዚ፡ ክልተ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ  ድማ፡ ብቐዳምነት ንተገዳስነትኩም ብጣዕሚ ነመስግነኩም። ንርእይቶኹም ኣኽቢርና እዉን ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ኲናት ኢትዮጵያ ከምዝተሳተፈ በዞም ዝስዕቡ 3 - ዓበይቲ መረጋገጽን መርትዖን ኣትሓሒዝና ከነቕርቦ ክንፍትን ኢና። እቶም ኤርትራ ኣብ ኲናት ትግራይ ኣይተሳተፈትን ሓሶት'ዩ ኢሎም ንሓቒ ሽፊኖም ክሙጉቱ ንዝፍትኑ ከእምኑ እንሆ ሜዳ እንሆ ፈረስ እናበልና ከኣ፡ ዘእምን መረጋገጺ መትርዖ ኣቕሪቦም ክከራኸሩ ክንሰምዖም ድሉዋት ኢና። ስለዚ ብወገና እነቕርቦም መርትዖታት ድማ፡

(1) ቐዳማይ መረጋገጺ፡ ብኤርትራዊ ምንጪ ዝቐርብ ዝርዝር ሓበሬታን መርትዖን  እዩ። (2) ካልኣይ መርትዖ ድማ፡ ብኢትዮጵያዊ ምንጪ ዝቐረቡ መርትዕታት መሰረት ዝገበረ እዩ። (3) ሳልሳይ መርትዖ ድማ፡ ብዝምልከቶም ኣህጉራዊ ትካላት ዓለም፡ ንመንግስቲ ኣመሪካን ኤውሮጳዊ ሕብረት ወሲኽካ ዝገበሩዎ ጸውዒትን ዘምሓላልፉዎ መጠንቐቕታ መሰረት ገይርና እነቕርቦ መርትዖታት የጠቓልል። ዝርዝራቱ ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡

***<u>ቐዳማይ መርትዖ</u>:*** ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ኲናት ትግራይ ከምዝተሳተፈ ዘረጋግጽ ***<u>ኤርትራዊ መርትዖታት</u>*** ነቶም ኣገደስቲ ጥራይ ብከፊሉ ክንጠቕስ፡

1. ናይ ኤርትራ 5 - ኣጋር ክፍለ ሰራዊታት ኣብ ኲናት ትግራይ ኣትዮም ዝተሳተፍሉ ዓውደ ውግኣት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይኽእል። ንሳቶም

- ኣብ ኲናት ሽራሮን ዓዲ ሃገራይን ተሳቲፎም። ኣብ ኲናት ዓዲ ገሹ ክሳብ ሽረ ነይሮም። ኣብ ኲናት ዛላንበሳ ሰንቐጣን ዕዳጋ ሓሙስን ተሳቲፎም፡ ምስኡ ዘራኸቡ ኩሎም መገድታትን ሓነቕቲ (ክሳድ)ብምዕጻው እዉን ከምዝተዋግኡ ኣባላት ምክልኻል ኤርትራዊ ዘረጋግጹዎ ሓቒ እዩ።
- ገማግም ተከዘ ክሳብ ሑመራ ዘሎዉ እስትራተጂካዊ  ቦታታታ ተዋጊኦም። ሰራዊት ኢትይጵያ ኣብ ገማምግም ሑመራ ከቢድ ደማዊ ኲናት ስለዘጋጠሞ ድማ ንሑመራ ቐልጢፉ ክሕዛ ኣይከኣለን። ስለዚ ሰራዊት ኤርትራ ድማ ኣቐዲሙ ንሑመራ ከምዝተቖጻጸራ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ሚድያታት ወጺኦም ባዕሎም ዝመስከሩሉ ሓቒ እዩ። ስለዚ ካብ'ዚ ዝዓቢ ዝተጨበጠ መረጋገጽን መርትዖን የለን።

- ንኣብነት ክፍለ ሰራዊት 16 - ብፍላይ እንተወሲድና፡ ብዝሒ ሞትን መውጋእትን ስለዘጋጠማ ሓንቲ ካብተን ከቢድ ጉድኣት ዘጋጠማ ኣሃዱ ነይራ። ስለዚ፡ ንዝጎደለ ዓቕሚ ሰብ ንምትካእ ዳግማይ ምውዳብ ይግበረላ ከምዘሎ ተረጋጊጹ ኣሎ። ዝኾነ ዜጋ እዉን ካብ ኣባላት ክ/ ሰራዊት 16 - ሓቲቱ ብቐሊሉ ዘረጋግጾ ጭብጢ ከምዝኾነ ክንሕብር እኹል ይመስለና።
- ካብ ምክልኻል ወትሃደራዊ ስለያ ድማ - 3 - ሓይልታት ተሳቲፎም። ቐንዲ ስርሖም ከኣ ናይ ሕውሓት ወትሃደራዊ መጽናዕቲ ምክያድ። ዓቕሚ ሰራዊት ምንቕስቓስን ተኸታቲልካ ሓበሬታ ምልውውዋጥ። ናይ ካርታን ካልእ ስለያዊ ንጥፈታትን ምክያድን ምትሕብባር ዕማማት ነይሩዎም።
- ናይ መድፍዕን ታንከኛን መካናይዝድ ኣሃዱታት ድማ፡ ካብ ኦምንሓጀር ጀሚሮም ንኩናት ሑመራ ጽዑቕ ናይ ተኹሲ ሽፈነ ከምዝገበሩ ይፍለጥ። ባድመ ሽራሮ። ሑመራን ክሳብ ሽረን ንምሓዝ እዉን ወሳኒ ደገፍን ምንቕስቓስ ከምዝገበሩ ተረጋጊጹ ኣሎ።
- ኣብ ኩናት ትግራይ ዝተወግኡ ኣሽሓት ዜጋታትና ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ዝርከቡ ቦታታት ይሕከሙ ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ባረንቱ ከረን። ኣብ ኣስመራ ደቐምሓረ -- ወዘተ ዝርከቡ ሆስፒታላት ኤርትራ ይሕከሙ ከምዝነበሩን ከምዘለዉን ይፍለጥ። እዚ ሓቕዚ ኣሽሓት ህዝቢ ብዓይኑ ዝተዓዘቦን ዝምስክረሉን ጉዳይ ስለዝኾነ ኣይተኸወለን ናይ ኣደባባይ ሚስጥር ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ሕጂ ዝኾነ ምኽንያት ኣቕሪብካ፡ ብዝጥዕመካ ኣቐናቢርካ ፕሮፖጋንዳ ምንፋሕ ግና፡ ነቲ ግሁድ ሓቒ ክትሸፍኖ ፈጺምካ ኣይከኣልን እዩ።
- ጸጥታን ፖሊስን ኤርትራ ድማ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ትግራይ ጨውዮም ፡ ኣብ ተኾምብያን ባረንቱን ካልእ ኣብያተ ማእሰርትን ኤርትራ ዳጉኖምዎም ዘለዉ ዜጋታት ብዙሕ ህዝቢ ብዓይኑ ተዓዚቡዎ እዩ። ህዝቢ ባረንቱ ድማ ነቶም ዝተጨውዩ ልዕሊ 2, 000 ስደተኛታት እሱራት እኽለ ማይ ከዳሉ ተኣዚዙ ድማ ዓቕሙ ብዘፍቕዶ ከምዘቕረበ ባዕሉ ዝምስክረሉ ጉዳይ እዩ። እቲ ዝተዋህቦም ምኽንያት ምናልባት ካብ ዞባ ኩናት ንምድሓን ውሕስነት ክረኽቡ ተባሂሎም ከምዝመጹ ገይሮም ናይ <u>03 ናይ ሓሶት ሓበሬታ</u> ከምዝመሓላለፉ እዉን ብዙሕ ሰብ ሰሚዕዎ እዩ።

(2) **<u>ካልኣይ መርትዖ፡</u>** ብህዝብን ብላዕለዎት ሰብ ስልጣን ኢትዮጵያን ዝተገልጹ **ሓቕታት** ከም ዝዓበየ ምስክርነትን <u>ብቑዕ መርትዖን</u> ይውሰድ። ኣብ ውሽጣዊ ጉዳዮም ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ዝያዳ ተሓላቓይን ተማጓትን ክትከውን ምፍታን ካብ ሓቕነት ዝረሓቐ “ <u>ምስሉይነት”</u> ጥራይ እዩ። ምኽንያቱ

- ህዝቢ መቐለ ኣብ ክልተ በበይኑ ግዜ ህዝባዊ ኣኼባታት ተጸዊዑ መሰረታዊ ሕቶታት ኣቕሪቡ ነይሩ። ንሱ ድማ፡ ሰራዊት ኤርትራ ንሉኡላዊ ክብሪ ኢትዮጵያ ደፊሩ ኣብ ትግራይ ኣትዩ ክዋጋእ መን'ዩ ኣፍቒዱሉ? ዝብል ሕቶ ኣቕሪቦም። ናይ ኢትዮጵያ ሰሜን እዚ ኣዛዚ መጀር ጀነራል ስዩም በላይን፡ ናይ መቐለ ኣምሓዳሪ ኣቶ ኣታኽልቲ ሃብተስላሰን ግና ኣብቲ ባዕሎም ዝጸውዕዎ ህዝባዊ ኣኼባ ተመሳሳሊ መልሲ እዮም ሂቦሙሉ። ንሳቶም መን ኣፍቒዱሉ ስለምንታይ ንዝብሉ ሕቶታት ነናቶም መመኽንይታ ከቕርቡ ፈቲኖም። እንተኾነ ግና ነቲ ቐንዲ ኣርእስቲ ዝሃቡዎ መልሲ ድማ ፡ “**<u>እወ ሓቒ</u>** እዩ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ኣትዩ ከምዝተዋግኤ ኣሚኖሙሉ። ስለዚ ብሰብ ስልጣናት ኢትዮጵያ ዝተረጋገጸ ነገር ስለዝኾነ ካብ'ዚ ዝዓቢ <u>ሓቕን ብቑዕ መርትዖን</u> ከምዘየለ ንኣምን። ሓሶት'ዩ ዝብል ሰብ ድማ ንኢትዮጵያውያን ይሞጉቶም።

3\. **<u>ሳልሳይ መርትዖ፡</u>** ብኣህጉራዊ ትካላትን ብገለ ሃገራትን ዝወሃብ ዘሎ መግለጽን መጸዋዕታን እዉን ካልእ ተወሳኺ መረጋገጽን ብቑዕ መርትዖን እዩ።

- ኣህጉራዊ ወከልቲ ስደተኛታት ካብ ኢትዮጵያ በብግዚኡ ሓበሬታ የምሓላልፉ ነይሮም። ደሓር ድማ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ
  ኮሚሽነር ስደተኛታት ፊሊፖ ግራንዲ ንክልተ መዓስከር ስደተኛታት ጥራይ በጺሑ ነይሩ። ንሱ ዑደቱ ምስወድኤ ምስ ቢቢሲ ዝገበሮ ቓለ መሕትት ይኹን ኣብ ውብሳይት ትካሉ ዝሰፈረ ወግዓዊ ጸብጻብ ከምዝሕብሮ ድማ፡ ስደተኛታት ብሰንኪ ኩናት ጥምየትን ሕጽረት ሕክምናዊ ረድኤትን ስለዝነበሮም ጭንቐትን ኣጋጢሙዎም። ዝተጨውዩን ዝተቐትሉን ስደተኛታት ከምዘለዎ እዉን ዘረጋግጽ ዝተማልኤ ሓበሬታ በጺሑኒ ኣሎ ከምዝበለ ኩልና ዝሰማዕናዮ ሓቒ ይመስለና።
- ንጉዳይ ስደተኛታት ዝምልከቶ ሓደ ኢትዮጵያዊ በዓል ስልጣን እዉን፡ ካብ ክልተ መዓስከር ስደተኛታት ማለት ካብ ማይዓይንን ሕጻጽን፡ 19,000 ስደተኛታት ኤርትራውያን ካብ ቦትኦም ተዘናቢሎም ኣለዉ። ንሳቶም ካብ ዞባ ኩናት

ንምርሓቕ መብዛሕትኦም ንክልል ኣምሓራን ኣዲስ ኣበባን ከምዝኸዱ ብወግዒ ገሊጹዎ ነይሩ። እቲ በዓል ስልጣን ግና እቶም ስደተኛታት ብናይ መን ትእዛዝ መኣስን ብከመይን ኣገባብ ከይዶም? ኣብ ግዜ ኩናት በየናይ መስመርን ብናይ መን መጓዓዝያን ተንቀሳቒሶም መን'ከ የወሃህዶ ነይሩ? ዝብሉ ንሰብኣዊ መሰል ስደተኛታት ዝምልከቱ መሰረታውያን ሕቶታት ወግዓዊ መብርሂ ኣይሃበሉን። እዚ ድማ ብሓደ ወገን ጸገም ስደተኛታት ምእማን ሓቒ ይመስል። ብኣንጻሩ ግና ብጸጥታ ህግደፍ ካብ ትግራይ ብሓይሊ ተጨውዮም ናብ ኤርትራ ዝኣተዉ ስደተኛታት የለውን የስምዕ መልእኽቱ። ምኽንያቱ 19, 000 ስደተኛታት ናብ ክልል ኣምሓራ ከምዝገዓዙ ኣምሲልካ ምቕራብ ብፖሮፖጋንዳዊ መንገዲ ናይ ምትላል ሜላ ከምዝተጥቐመ ዝገልጹ ዉሑዳት ኣይኮኑን።

- ቅድም መንግስቲ ኣመሪካ፡ ቐጺሉ እዉን ምክትል ኮሚሽነር ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ሰራዊት ኤርትራ ካብ ትግራይ ክስሕብ ኣለዎ ዝብል መጸዋዕታን መጠንቐቕታን ከምዘምሓላለፉ ድማ ኩልና ዝሰማዕናዮ ይመስለና።

<u>***መደምደምታ:***</u> ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ትግራይ ከምዝኣተወ ብእሙናት ምንጪ ኤርትራውያን። ብሰበ ስልጣን ኢትዮጵያን ብዝምልከቶም ኣህጉራዊ ትካላት ዓለምን ሓቐኛ መርትዖታት ብተደጋጋሚ ግዜ ክንሰምዕን ከነረጋግጽ ጸኒሕና ኢና። እቲ ዘለናዮ ግዜን ምዕባሌኡን እዉን ንሓቒ ከተቓልዕ ዝሕግዝ እምበር፡ ንክትሽፍኖ ክትክሕዶ ዘተባብዕ ከምዘይኮነ ምእማን ድማ፡ ናይ <u>ለባማት ኣትሓሳስባ</u> ከምኾነ የምዝነካ።

"<u>**ዋላ ትንፈር እምበር ጤል እያ**</u> " ኢልካ ዘይቕኑዕ ሙጉት ኣቕሪብካ ምክርኻር እዉን ይከኣል እዩ። ኣብ ሶሻል ሚድያ ቐሪብካ ልዕሊ ዝረኣዩን መጽናዕቲ ዝገበሩን፡ ልዕሊ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ዘቕረቡዎ መግለጽን መርትዖን ኮይንካ፡ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ኩናት ትግራይ ኣይተሳተፈን ሓሶት'ዩ ክትብል ግና ሰብኣዊ ሕልና ምጉዳል'ዩ ከም ባህርያት እዉን ሓላፍነታዊ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንቕኑዕ ሕልና ዘየዕግብ፡ ንጥዑይ ኣእምሮ ዘየእምን ክርክር ኩሉ ግዜ ትርጉም የብሉን። ብዘይብቑዕ ምኽንያት ምህውታት እዉን ኣዒንትን ኣእዛንን ደቒ ሰባት ብሓሶት ክትደፍን ምፍታን'ሲ ናይ ጥዕና ጉድለት ምህላው ዝሕብር እዩ። ምኽንያቱ እቶም ንሓቒ ክሽፍኑ ኢሎም ዝህውትቱ እዉን ነብሶም ፈቲሾም ሕክምናዊ መርመራ ከምዘድልዮም ጥራይ ምሕባር እኹል ይመስለና።

<u>***እምነትናን መርገጺናን:***</u> እዞም ክልተ ምንቕስቓስ መንእሰያት ንኩናት ካብ መጀመርትኡ ኣትሒዝና ንሰለስቲኦም ተዋሳእቲ ኮኒናዮም ነይርና። ክሳብ ሕጂ እዉን መርገጺና ኣይተቐየረን። ምኽንያቱ ኩናት ደቒ ሰባት ይቐትል የሰንክል። ኢኮኖሚ ህዝብን ሃገርን ናብ ዕንወት የምርሕ። ስደትን ምዝንባልን የስዕብ። ንሕማቕን ኣዕናውን ተግባርካ ንምሽፋን ድማ ህዝቢ ህዝቢ ንምጽላእ ትጥቐመሉ ከፋፋሊ ፖለቲካውን ፕሮፖጋዳውን ጎስጓሳት ድማ ናይ ብሓቒ ገበን እዩ። እዩ። ኩናት ዘስዕቦ ሞራላውን ኣእምሮኣውን ጉድኣቱ እዉን መዓቕኒ ስለዘይብሉ፡ War Trauma ኩናት ዝገድፎ በሰላ ብጣዕሚ ከቢድ ስለዝኾነ ድማ ነቲ በሰላ ንምሕዋይ ብቐሊሉን ብሓጺር ግዜን ዝፍወስ ኣይኮነን። ንኩናት ኣሳቢብካ ንወለዶታት <u>**ኤርትራን ትግራይን ጽልእን ጸሊም ታሪኽን**</u> ክትገደፈሉ ምፍታን እዉን ካብቲ ቐንዲ ክንከላኸሎን ኣጥቢቕና ክንቃወሞን ዝግብኣና ዝዓበየ ገበን እዩ።

- ብኣጠቓላሊ ኩናት ውጽኢት ናይ ዘይሓላፍነታዊ ባህርያት ስለዝኾነ ካብ ዘይሰብኣዊ ተግባር ይብገስ። ኩናት ውጽኢት ናይ ብቕዓት ጉድለትን ናይ ውጽኢት ናይ ጉጉይን ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭትን እዩ። ምኽንያቱ ፖለቲከኛታት ኣብ ሞንጎኦም ዝፍጠሩ ዘይምስምማዕ ተጻዋርነት ምስጎድሎም ድማ፡ ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ናይ ምፍታሕ ብቕዓት ይሓጽሮም። ስለዚ ሓደ መራሒ ወይ ሰልፊ፡ ነቲ ካልእ መራሒ ወይ ንሱ ዝመርሖ ሰልፊ ጸቕጢ ክገብር ኣብ ኩሉ መዳያቱ ዓብላልነቱ ከረጋግጽ ይፍትን። ንሱ ዘካይዶ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ውድድርን ምስኡ ዝተኣሳሰር ናይ ኢኮኖምን ካልእ ረብሓን ንምሕላው ድማ ናብ ኩናት የምርሕ። ረብሕኡ ድማ ብዋጋ ዜጋታት ከረጋግጽ ንጹሃት ናብ ሓዊ ይጠብሶም።
- <u>መርገጺ ምንቕስቕስቃስ መንእሰያት ኤርትራ</u> - / ንሓርነት + ንደሞክራሲ/ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ኩናት፡ ኣብ ስደተኛታት ኤርትራውያን ይኹን ኣብ ክልል ትግራይን ኣምሓራን ኣብ ልዕሊ ኩሎም ኣሃዛብ ዝተፈጸሙ በደልን ግፍዕታት ድማ፡ ኣብ መትከል ሰብኣዊ መሰላት ተመርኲስና፡ መበቐልን ዜግነትን ከይፈለና ጸግዒ ከይወሰድና ድማ፡ ንሰለስቲኦም መራሕትን ንሶም ዝመርሑዎ ሰልፍታትን ንዝወሰዱዎ ዘይሓላፍነታዊ ስጉምቲ ኣጥቢቕና ክንኩንኖ ሕልናዊ ግዴታ ከምዘለና ንኣምን።
- ንሓደ መራሒን ናቱ ሰልፍን ብፖለቲካ ኩሒልካ ኮሓሒልካ ንሱ ቕዱስን ጻድቕን ኣምሲልካ ክትውድሶ ካብ ተሓታትነት ከተድሕኖ ምፍታን። ወይ ከኣ ብኣንጻሩ ነቲ ካልእ ከም ጉግይ ወሲድካ ሓጥያት ከተሰክሞ፡ ንሱ ጥራይ ከምዝበደለ

ኣምሲልካ ድማ ክትኩኑዎ ምፍታን ግና ሓላፍነታዊ ባህርያት ኣየትሕዘካን ሚዛንካ እዉን ፍትሓዊ ኣይገብሮን ዝብል እምነትን መርገጽን ከምዘለና ከነረጋግጽ ኣገዳሲ ይመስለና።

- ይኹን'ምበር ነፍሲ ወከፍና ወይ ተጠርኒፍናሉ ዘለና ትካላት ብናቱ እምነት ቐኑዕ'ዩ ዝብሎ ዝተፈልየ መርገጽን ርእይቶን ክህልዎ ነኽብሮ ኢና። ብሓጺር ኣገላልጻ ናይ ርእይቶን መርገጽን ዘለዎ ፍልልይ ብዘየገድስ ድማ፡ ንዝተፈልየ ሓሳብ ብማዕረ ከነኽብሮ ምፍታን ሃናጽን ደሞክራስያዉን ባህሊ ከምዝኾነ ጽኑዕ እምነት ኣለና።

ክፍሊ ዜና፡

ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ ንደሞክራሲ/ንሓርነት

10/2/2021